## ምዕራፍ ፵፯

## ምእንቲ ሕይወት ዘለዓለም ንኩሉ ጻዕርን መከራን ምጽማሙ ከምዝግባእ

፩፡ ቃል ጐይታና፡ ወደይ መዓረይ! እቲ ምእንታይ ዝጀመርካዮ ጻዕሪ ብዘይመጠን ኣይኽበድካ። ሓሳረ መከራ ድማ ብዝኾነ ጊዜ ንያትካ ኣየዕርበልካ። እቲ ኣነ ዝሀብኩኻ ተስፋ ኩሉ ብርታዔን ደስታን ኪኾነልካ እዩ።

፪፡ ኣነ መጠንን ስፍርን ዘይብሉ ዓስቢ ክኸፍለካ ዝኽእል እየ።

፫፡ ኣጆኻ፡ ኣብ'ዚ ዓለም እዚ ጻዕርኻ ኣይክነውኅን እዩ። ንወትሩ'ውን መከራ ኣይከጨንቐካን እዩ።



፬፡ ቀኍሩብ ጥራሕ ተጸመም፡ መከራኻ ኩሉ ብቀኍልጡፍ ተጨሪሱ ክትርእዮ ኢኻ።

፭፡ ጻዕርን ህውከትን ዝጭረሸሉ ሰዓት ኪመጽእ'ዩ።

፮፡ እቲ ምስ ጊዜ ብሓደ ሳዕ ዚሓልፍ ኩሉ ድማ ቀኍሩብን ሓጺርን እዩ።

፯፡ እቲ ክትገብሮ ዝግብኣካ ሕጂ ግበሮ፡ ኣብ ኣታኽልተይ ተሰኪፍካ ሥራሕ፡ ኣነ ባዕለይ ደሞዝካ ኪኸውን እየ።

፰፡ ጸሓፍ፡ ኣንብብ፡ ዘምር፡ ቈዝም፡ ስቕታ ሓሉ፡ ጸሊ፡ ናይ'ዛ ሕይወት እዚኣ መከራ ብትብዓት ተዓገስ፡ ንሕይወት ዘለዓለም ጠምት ካብኡ ዚብርትዕ ሓሳረ መከራ ተቐቢልካ ኢኻ፡ ብቑዕ እትኸውን።

፱፡ እግዚኣብሔር ብዝፈልጣ ሓንቲ መዓልቲ ሰላም ክትኮነልካ እያ፡ ሽዑ ዘለዓለማዊ ብርሃንን ዘየቋርጽ ወገግታን ጽኑዕ ጸጥታን ፍርሓት ዘይብሉ ዕረፍትን ኪኸውን እዩ እምበር ሽዑ ለይቲ ካብ መዓልቲ ኣይክፍለን እዩ።

፲፡ ሽዑ ካብ'ዛ መዋቲት ሥጋይ መን ኬድኅነኒ እዩ፡ ኣይክትብልን ኢኻ (ሮሜ- ፯፡ ፳፬)።

፲፩፡ ሽዑ ዋይ ኣነ ምስኪን! እዚ ናይ ስደት ጒዕዞይ እምበር ነዊኑ ኣይክትብልን ኢኻ (መዝ-፻፲፱፡ ፳፬)።

፲፪፡ ከመይ ሞት ተሸኒፉ፡ ኣብ ማዕሙቀኡ ክትውሓጥ'ያ። ድኅነት ርግጽትን መጨረሻ ዘይብላን ክትከ ውን'ያ። ምስፍላል ኣይክህሉን እዩ። ህውከትን መከራን ኪጠፍእ እዩ፡ ናይ ዕውታት ታሕጓስ ምሉእ ኪኸውን እዩ። ምስ ማኅበር ቅዱሳን ምንባር ንትንግርቲ ጥዑም ክኾነልካ እዩ።

፲፫፡ ኣየ ናይ'ቶም ኣብ ሰማይ ዘለው ቅዱሳን ዘለዓ ለማዊ ኣኽሊላት ያእዩ ርኢኻዮ ከምኮንካ! ወዮም ዝሞቱን ንሕይወት ከምዘይበቕዑን ዝሕሰቡ ዝነበሩ ሕጂ ክንደይ ወሰን ዘይብሉ ክብሪ ለቢሶም ተሓጒሶም ይነብሩ ከምዘለው ያእዩ እንተትርኢ!

፲፬፡ ብሓቂ ቀልጢፍካ ርእሰኻ ኣትሒትካ ክሳዕ ምድሪለጥ ምበልካ፡ ኣብ ትሕቲ ኵሉ ክትከውን እውን ምመረጽካ እምበር ኣብ ትሕቲ ሥልጣንካ ሓደ'ኳ ኪኸውን ኣይምተመነኻን።



፲፭፡ ምእንቲ ፍቕሪ እግዚኣብሔር ሓሳረ-መከራ ክትበልዕ ምደለኻ እምበር ኣብ'ዛ ዓለም እዚኣ ተሓጒስካ ክትነብር ኣይምተመነኻን ነይርካ። ሰብ ከዓ ኣብ ማእከሎም ከም ኢምንቲ ኪቈጽሩኻ ከለው ከም ዓቢይ ረብሓ ገይርካ ምገመትካዮ ነይርካ።

፲፮፡ ንሰኻ እዚታት እንተ ዝርድኣካ ኣብ ልብኻ'ውን ጠሊቑ እንተ ዝሠርጽ ከመይ ገይርካ ንሓደ ጊዜ እውን ይኹን ከተንጸርጽር ምደፈርካ።

፲፯፡ ሕይወት ዘለዓለም ምእንቲ ክትወርስ ድኻምን ጻዕርን ኵሉ ምጽማም ግቡእ ኮይኑ ኣይርኣየካን'ዩ?

፲፰፡ ንመንግሥቲ እግዚኣብሔር ምጥፋኡ ወይ ምርካቡ ቍሩብ ነገር ኣይኮነን።

፲፱፡ እምበኣርከስ ገጽካ ናብ ሰማይ ኣንቃዕሪርካ ጠምት እነኹ ኣነ ኣብኡ ኣሎኹ፡ ኩሎም ቅዱሳን'ውን ኣብኡ ምሳይ ኣለው። ኣብ'ዚ ዓለም እዚ እንከለው ኣበርቲዖም ስለ ዝተጋደሉ ሕጂ ይሕጎሱን ይጸናንዑን ኣለው። ሕጂ ኣብ ጽኑዕ እዮም ዘለው፡ እንካብ ጻዕርን መከራን ኣዕሪፎም ኣብ መንግሥቲ ኣቦይ ክሳዕ ዘለዓለም ምሳይ ኪነብሩ እዮም።